ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዞባ ኤውሮጳ
ኣሰናዳኢት ሽምግለ መበል 25 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ
ካስል 2010

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - إقليم أوروبا
اللجنة التحضيرية لمهرجان إرتريا الرابع والعشرون
كاسل 2010

**Eritrean national salvation front - Europe Zone**
**Preparatory Committee of the 25th Eritrean Festival**
**Kassel 2010**

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ጉዳይ ኢዮበልዩ ፈስቲቫል ካስል ናይ 2010.

እቲ ወትሩ ዓመት ኣብ መጨረሽታ ወርሒ ሓምለን ኣብ መጀመርያ ወርሒ ነሓሰን ዝሰላሰል ፈስቲቫል ካስል ሎሚ ዘመን ኣብ መበል 25 ዓምቱ ብዘደንቕ ታሪኻዊ ኣገባብ ተፈጺሙ። ናይ ሎሚ ዘመን ፈስቲቫል ካስል ዝያዳ ፍሉይነቱ ምስ እቲ ታሪኻዊ ሰነድ ማኒፈስቶ ፈስቲቫል ካስል ዝወለዶ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ሓደ ሰሙን ምስልሳሉ ኢዩ።

ኣብ ርእሲ እዚ ናይ ሎሚ ዘመን መበል 25 ኢዮበልዩ ዓመት ፈስቲቫል ካስል ካልኣይ ፍሉይነቱ ድማ ናይ ቀደም ተጋደልቲ ናይ ሎሚ ኣደታት ዝኾና ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ሓላፍነት ናይ እቲ ፈስቲቫል ብምውሳድ ብኩሉ መዳያዊ ጻዕርታት ብምክያድ ብዘደንቕ ኣገባብን ምስትእንጋድን ብምድምዳሙ ኢዩ።

ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ መሳሃለ በታ ታሪኻዊት ባንደራ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣለመ ባህላዊ ክዳን ተኸዲነን ከም ኣደታተን ሕምባሻን መሶብን ኣጻሕልን ሒዘን ንተሳተፍቲ ፈስቲቫል ካስል ፍሱህ ገጽ እናርእያ ኩዳ ምስ ጀመራ እቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ መሳሃለ ብድምጺ ዕልልታን ጠቓዒትን ተናዊጹ ኢዩ።
ተሳታፊ ፈስቲቫል ካስል ድማ ስለቲ ብዝኾነ ተኣምር ዘይዕጸፍ ሓርበኛዊ ኒሔንን ክብረንን ካብ መቐመጢኡ ተሲኡ ሓጎሱ ብጠቓዒትን ብዕልልታን ገሊጹለን ኢዩ።

በዚ ኣገባብ እዚ ኢዩ ድማ ፈስቲቫል ካስል ምዕማር ዝጀመረ። ድሕሪ'ዚ ተሳታፊ ፈስቲቫል ካስል ነታ ሰውራዊት መዝሙር ኤርትራ ናይ ጽባሕ ብሓባር ዘሚሩ ቅደም ተኸተል ኣብቶም ዝተዳለዉ መደብ ፈስቲቫል ኢዩ ኣትዩ። ብመጀመርያ ድማ ነቲ ክብሪ ፈስቲቫል ካስል ዝገልጽ መበል 25 ዓመት ኢዮበልዩ ፈስቲቫል ካስል ዝብል ዝተጻህፎን መልክዕ እታ ታሪኻዊት ባንደራ ዝሓዘን ቶርታ በቶም ቅድሚ 25 ፈስቲቫል ካስል ዝመስረቱ ገለ ኣባላትን ናብ' ፈስቲቫል ካስል ዓመት ዓመት ዝመጽኡ ኣጋይሽን ተቖሪሱ። እታ 25 ዓመት ዝተጻሕፋ ባህላዊት ሕብስቲ ድማ ብክቡር ፕሮፌሶር ዶክቶር ተስፋጽየን መድሃኔ ተቖሪሳ። ህዝቢ ድማ ብዕልልታን ጠቓዒትን ኣሰኒይዎ።

ድሕሪ እዚ ካብቲ ዝተቖርሰ ቶርታን ሕብስትን በተን ባህላዊ ክዳን ዘንጸባረቓ ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ንነብሲ ወከፍ ተሳታፊ ፈስቲቫል ተዓዲሉ። ድሕሪ እዚ ኢዩ እምበኣር ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፈስቲቫል ካስል 2010 ቃል ውድብን መልእኽታትን ቃል ኣጋይሽ ፈስቲቫልን ምስማዕ ዝተጀመረ። ካብቲ ዝቐረበ ቃል ዕዱማት ኣጋይሽ ብወኪል እምባሲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐረበ ሕውነታዊ ቃል ልቢ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ካስል ዝመሰጠ ነይሩ።

ፈስቲቫል ካስል 2010 ብዙሓት ነባራት ሓርበኛታትን፣ መንእሰያትን፣ ደቂ ኣንስትዮን፣ ነባራት ስነ ጥበባውያንን ዝተረኸብሉ ዓይነታዊ ፈስቲቫል ኢዩ ዝነበረ።ኣብዚ ፈስቲቫል እዚ እቲ ተዘክሮኡ ካብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ተፈልዩ ዘይፈልጥ ዓቢ ኤርትራዊ ኣርቲስት ተወልደ

ረዳ ሎሚ እውን ከም ኩሉ ዓመት ኣብ ፌስቲቫል ካስል ተረኺቡ ነቲ ሰሚዕካዮ ዘይጽገብ ዕላሉን ኣባታዊ ምኽሩን ክልግስ ቀኒዩ ኢዩ።

ብብጻይ ገዛኢ ኪዳን ዝተሰነየ መድረኽ: ብዕለት 29 ሓምለ ዝጀመረ ኢዮበልዩ ፌቲቫል ካስል 2010 መደባቱ ብስሩዕ ኣገባብ ከሰላስል ድሕሪ ምቕናዩ፡ ቀዳም ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ካስል ብብጻይ ስዒድ ኣደም ኣባል ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል ፡ ቃል ውድብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብብጻይ ዑቕባዝጊ ድቡስ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ቃል ዕዱማት ኣጋይሽን መልእኽታትን፡ ብብጻይ ሃይለ ወልደሚካኤል ዋና ጸሓፊ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፌስቲቫል 2010: ግጥምታት ብብጸይቲ ፍረወይኒ ባይረን፡ ብጸይቲ ኣበባ ዮውሃንስን፡ ብጸይቲ ኣልማዝ ጳውሎስን ድሕሪ ምስማዕ እዋን ድራር ኮይኑ፡ ተሳተፊ ፌስቲቫል ካስል በተን ወሓላሉ ሓርበኛታት ደቂ ኣንስትዮ ዝተድለወ ምኡዝ መግብታት ተመጊቡ፡ ኣብቲ ብሳሚን ሰሎሙንን ዝተባህሉ ወናማት ኤርትራውያን መንእሰያትን ብውሩይ ወናም ኣርቲስት ፉኣድ ዑስማንን ዝተዳለወ ባህላዊ ጸወታን ኢዩ ኣድሂቡ።

ጓይላን ኩዳን ከም እግርኻ ኢዩ ዝነበረ። ይበል ድምጺ ክራር ይበል ኦርጋን ንሓዋሩ ተስፋ ዘሎዎም መንእሰያት ወጋሕ ትበል ለይቲ ንተሳታፊ ፌስቲቫል ተሓምበለ ከብልዎ ሓዲሮም። ንጽባሒቱ መዓልቲ ሰንበት መዓልቲ ዕላል ኢዩ ዝነበረ። ጥዑም ዕላል ምስ እተን ወሓላሉ ብጾት ዝተጸምቀ ሜስን ካሊእ ዘመናዊ መስተን፡ ብኤርትራዊ ባህላዊ ኣገባብ ዝፈልሔ ቡን ምስ ቁርሱ ሕምባሻን ቀሎን፡ በዚ ድማ መዓልቲ ሰንበት ኢዮበልዩ ፌስቲቫል ካስል 2010 ዛዚማ ንባዕላ ክትብል ዓረበት።

ንጉሆ ሰኑይ ዝተረፈ ዕላል እናመላእካ ኣብ ምጽራይ ኣዳራሽ ኢዩ ተኣትዩ። ድሕሪ ጽርየት ኣዳራሽ ምውዳኡ ተሳታፊ ፌስቲቫል ሎሚ እውን ከም ቀደሙ ንዓመታ ፌስቲቫል ብሰላም ክራኸብ እናተመነየን እናተመባጽዐን ተፋኒዩ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ኣሳናዳኢት ሽማግለ መበል 25 ዓመት ኢዮበልዩ
ፌስቲቫል ካስል 2010 ዓ.ም